<u>**ቀደሙስ ብዘተ ዘይፍታሕ ፍልልይ መዓስ ነይሩ**</u>

ካብ 2011 ክሳብ 4 ነሓሰ 2017 ዘሎ ናይ ግዜ ርሕቀት፡ ምስ'ቲ ውልቀ መላኺ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝፍጽሞ ዘሎ ባርባራዊ ግፍዕታት ብምንጽጻር ክሪአ እንከሎ ኣዝዩ ነዊሕ እዋን'ዩ። ግዜ ምንዋሑን ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ኢሳያስ ዝፍጽሞ መሰረታዊ ክብረት ደቂ-ሰባት ዝጥሕስ ገበናዊ ተግባራት ስለ ዝመረረን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ምኽንያት ናይ'ዚ ኣብ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ኣጋጢሙ ዘሎ ዘይምቅዳውን ተፈጢሩ ዘሎ ደውታን፡ ኣብ ህዝቢ ዝረአ ዘሎ ናይ ተስፋ ምቑራጽን ምጥፋእ ፖለቲካዊ ኣንፈትን ኣዛሚደ ክሪአ እንከለኹ ኣዝዩ ይገርመኒ። ይድንጽወኒ ድማ። እቲ ባይቶ ካብ ኣመሰራርታኡ ጽሬት ስለዘይነበሮ ዶ ይኸውን? ብቑዓት መሪሕነት ብምስኣን'ዶ ይኸውን? ሓላፍነት ዝጎደሎ ተራ ፖለቲካዊ ህልኽ ዝወለዶ'ዶ ክኸውን ይኽእል? ወይስ ከም ህዝቢ ከም ሃገር ዘይተፈልጠ መርገም ጸኒሑና … ዘየልዓልክዎ እንተታት የለን።

ኣንቱም ሰባት ህዝቢ ንሰላም፡ ንደሞክራሲ፡ ንፍትሒ፡ ንምዕባለ ይብህግ፡ ንምርግጋጹ ከኣ ከከም ዓቕሙን ኣገንዝቦኡን በብዝተወደበሉ መስኖታት ኣቢሉ፡ ፍልጠቱ፣ ገንዘቡ፣ ጉልበቱ፣ ህይወቱ ከወፊ ቅሩብ ይኸውን ምርሑናን ግርሑናን ይብል 'ምበር ካልእ እንታይ ክገብር ይኽእል? ሎሚ ዝበዝሕ ህዝቢ ኤርትራ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ምስ ስርዓት ኢሳያስ ዝነበረኒ ዝምድና በቲኽ ኣለኹ። ኢሳያስን ስርዓቱን ብመጽር ዝፈጸምዎ ገበን ዝሕተትሉ ስርዓተ ለውጢ ክርኢ ይደሊ ኣለኹ ካብ ዝብል ነዊሕ ዓመታት ኣቑጺሩ ኣሎ። ስርዓት ህግደፍ ጸረ-ህዝቢ ምዃኑ ፖለቲካዊ ውድባት ጥራሕ ዘይኮኑ፡ ህዝቢ ባዕሉ ካብ ተመክሮኡ ዘይናቱ ምዃኑን ክለግስ ድማ ከም ዘለዎን ኣብ ዝተገንዘበሉ ደረጃ ንቕሓት እንተበጺሑ ካብ'ዚ ንላዕሊ ድኹዒ ናይ ደሞክራስያዊ ለውጢ ደኣ'ሞ እንታይ ኣሎ? እንታይ ክመጽእ 'ከ ይድለ? ኣእምሮይ ካብ ዘናውጸኒ ካልእ ዛዕባ ከኣ እዚ'ዩ።

ኣሕዋተይን ሓተይን ኤርትራውያን፡ ብ4 ነሓሰ 2017 ኣባል ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝኾኑ መሪሕነት ፖለቲካዊ ውድባት፡ ነቲ ኣስታት 8 ኣዋርሕ ዝገበረ ምስሕሓብን ዘተን መደምደምታ ከም ዝገበርሉ፡ ካይጣለሙ ብክታሞም ከም ዝተመሓሓሉ ዝሕብር መግለጺ ካብ ኢንተርኔት ኣውጺኦ ኣንቢበ። ጉዳዮም ብመንገዲ ሰሚናር ኣቢሎም ክፈትሑ 'ሞ ናብ ምግባር ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ከምርሑ ምዃኖም፡ ነዚ ተሳልጥ ሽማግለ ከም ዝመዘዙን እቲ ሓጺር ጋዜጣዊ መግለጺ ይሕብር። ኣብ'ዚ ምብጻሑ ጽቡቕ'ዩ፡ ካብ ዝነበረ ደውታ ኣጸቢቑ ስለዝሓይሽ። ግን እቲ ኣብ ደውታ ዘብጸሐ ረዚን ፖለቲካዊ ፍልልይ ብዘይምንባሩ፡ ንቕድሚት'ከ ሓቅነትን ቀጻልነትን ናይ'ዚ ዝበሃል ዘሎ ስምምዕ፡ ዝተታሕዘ መደባትን ኣፈጻጽማኡን ከመይ'ዩ ኣብ ባይታ ክትርጎም፡ መዓስ ከዩ ኣብ ህዝቢ ክወርድ ዝብል ካልእ ሻቕሎት ካልእ ሓሳብ ድማ ይመጻእኒ።

እቲ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ኮለል፡ ድሕሪ ናይ 8 ኣዋርሕ ዘተን ምስሕሓብን ዝወጸ ጋዜጣዊ መግለጺ ሓባራዊ ኣኼባ ፖለቲካዊ መሪሕነት ውድባት ኣባል ኤርትራ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝብል ጽሑፍ ንገዛእ ርእሱ፡ ኣብ ዘተ ጸኒሕና፡ ተሰማሚዕና፡ ክታምና ኣንቢርና ይበል'ምበር፡ ብዙሕ ብሩህ ኣይኮነን። ህዝቢ ትጽቢት ዘንበረሉ፡ ካብ ሕዳር 2011 ክሳብ 4 ነሓሰ 2017 ዝጸንሐ ዓቢ ሃገራዊ ጉዳይ፡ ን8 ኣዋርሕ ዘተ ዝተኻየደሉ ዘይምቅዳው፡ በዛ ኣብ መርበብ ኢንተርኔት ዝረኸብክዋ ጋዜጣዊ መግለጺ ትብል ጽሕፍትን ትሕቶኣን ገይርካ ናብ ህዝቢ ክትዝርግሕ መበገሲኡ ኣይፈልጥን ብሩህ ግን ኣይኮነን። እንተ ወሓደ እቲ ናብ ህዝቢ ክበጽሕ ዘለዎ ሓሳብ ብግቡእ ተሰሪዑ ኣንባቢ መሊሱ እንታይ ማለት'ዩ ኢሉ ብዘይሓተሉ ኣገባብ ክቕርብ ነይርዎ። እቲ ተዋሂቡ ዘሎ ሓበሬታ ግን ጋዜጣዊ መግለጺ ዝብል ኣርእስቲ ስለ ዝተዋህበ እንተዘይኮይኑ ንጋዜጣዊ መግለጺ ዝምጥን ኮይኑ ኣይረኸብክዎን። ስለዚ ዝሓለፈስ ሓለፈ ጸሓፍ ዝተረፈ ከም ዝተባህለ፡ ዝሓለፈ ሓሊፉ ኣሎ ንቕድሚት ግን ክሕሰበሉ ትኹረት ክረአን ክተሓዝን ኣለዎ ዝብል ርእይቶ ኣለኒ። ፖለቲካዊ ውድባት ከሕፍልዎ ዝደልዩ መልእኽቲ ኣብ ኣንባቢ ኣግንዝቦ ክፈጥር ዝኽእል፡ ዝተደኽመሉ ረዚን መግለጺ'ዩ ክኸውን ዝግባእ። ፖለቲካዊ መግለጺ ማለት ተራ መልእኽቲ ማለት ኣይኮነን። ረዚን'ዩ። ብፍላይ ከኣ ምስ ብቐጥታ ምስ ዕድል ህዝብን ሃገርን ተኣሳሲሩ ኣይንቕድሚት ኣይንድሕሪት ኣብ ሰንፈላል ኣትዩን ኣእትዩ ዝጸንሐ ፖለቲካዊ ዛዕባ፡ ከቢድ ስለ ዝኾነ ብኡ መጠን ብኽብደት ከተሓዝ ነይርዎ። እዛ ናይ ሎሚ ጋዜጣዊ መግለጺ ስምምዕ ብምብሳራ፡ ብኽታሞም ከም ዝተመሓሓሉ ምርግጋጻን ሓደ ዘሐጉስ ጎኑ ኮይኑ፡ ካብ ኣጸሓሕፋኣ ጀሚርካ ዘሎ ወልገድገድ ግን እምበር'ዶ ኣብ'ቲ ጉዳይ ተገዳስነት ኣሎ'ዩ ዝብል ሕቶ ከተልዕል ዝድርኽ'ዩ።

ሰላማዊት ኣብራሃ ካብ ትግራይ

ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 09-08-2017